# ርሑስ በዓል ትንሣኤ ይግበረልና።

ዝኸበረን ዝዓዘዘን ልባውን ሕውነታውን ሰላምታ ይብጻሕኩም። ኣብ ሕይወትኩም ጥዕና፡ ኣብ ናብራኹም ሰላም፡ ኣብ መደባትኩም ከኣ ዓወትን ኣሳልጦን እምነየልኩም። ከምኡ ከኣ፡ "ካብ እግዚኣብሔር ኣቦናን፡ ካብቲ ከም ፍቓድ ኣምላኽናን ኣቦናን፡ ካብዛ ሕጂ ዘላ ክፍእቲ ዓለም ምእንቲ ከድሕነና ብምኽንያት ሓጢኣትና ንገዛእ ርእሱ ኣሕሊፉ ዝሃበ፡ ኢየሱስ ክርስቶስ ጐይታናን ጸጋን ሰላምን ምሳኻትኩም ይኹን። ገላ.1፡3-4።

## በረኸት ትንሣኤ

<u>**ትንሣኤ**</u> ማለት ድሕሪ ሞት፡ ብነፍሲ ጥራይ ዘይኮነስ ብስጋን ብነፍስን ሕይወት ምርካብ ማለት እዩ። እዚ ከመይ ኢሉ ከም ዝፍጸመልና ከኣ ኣብ 1ይ ቆሮንቶስ 15፡35-50። ኣስፊሑ የስተምህረና። ሰብ ካብ ምውታን ዝትንስእ (ኣብ ትንሳኤ ዘጉባኤ) ኣብ ካልኣይ ምጽኣት ክርስቶስ እዩ። ሽዑ ከኣ፡-

1. እቶም ጽቡቕ ዝገበሩ ናብ ትንሳኤ ሕይወት፡
2. እቶም ክፉእ ዝገበሩ ከኣ ናብ ትንሳኤ ፍርዲ (ኵነኔ) ከም ዝትንስኡ ካብዚ ዝስዕብ ክፍሊ መጽሓፍ ቅዱስ ብቐሊሉ ኽንርድኦ ንኽእል። ዮሓ.5፡28-29። 1ይ ተሰሎንቄ.4፡13-18። ራእይ.20፡11-15። ብምስትውዓል ነንብቦ።

በዚ መሰረት ኣብ ትንሣኤ ሕይወት ተኻፈልቲ ኪንከውን እንታይ ክንገብር ኣሎና?

1) <u>ኣብዚ ዓለምዚ ከሎና ብሓድሽ መንፈሳዊ ሕይወት ክነብር ይግበኣና</u>። "እምበኣር ከምቲ ክርስቶስ ብክብሪ ኣቦ ካብ ምውታት ዝተንስአ፡ ከምኡ ከኣ <u>ንሕና ብሓዳስ ሕይወት ምእንቲ ክነብር፡</u> ብጥምቀት ምስኡ ተቐበርናን ሞትናን። ደጊም ንሓጢኣት ከይንግዛእ፡ እቲ ሓጥእ ሰብነትና ምእንቲ ኪጠፍእ፡ እቲ ኣረጊት ሰብነትና ምስኡ ከም ዝተሰቕለ ንፈልጥ ኢና። ሮሜ.6፡4,6። ተወሳኺ ውን፡ "… ቀልብኹም ኣብቲ ክርስቶስ ተቐሚጥዎ ዘሎ ግበሩ፡ ኣእምሮኹም ናብቲ ኣብ ምድሪ ዘሎ ዘይኮነስ ናብቲ ኣብ ሰማይ ዘሎ የቕልብ።" ይብለና ሃዋርያ ቅዱስ ጳውሎስ ኣብ፡ ቆላስይስ.3፡1-2።

2) <u>ኣብዚ ምድራዊ ሕይወትና፡ ቅዱሳን ኣቦታትና ዝሓለፍዎ ሕይወትን እምነትን ሒዝና ኣሰር ኣሰሮም ክንስዕብ ይግበኣና።</u>

"ነቶም ቃል ኣምላኽ ዝሰበኹልኩም መራሕቲ ዘኽርዎም። ከመይ ኢሎም ከም ዝነበሩን ከም ዝሞቱን ኣስተውዒልኩም ኣሰር ኣሰር እምነቶም ሰዓቡ። ዕብራውያን 13፡7። ንምንታይ ትምህርቶም፡ ሕይወቶምን እምነቶምን ምስዓብ ኣድልዩና፡ እንተ ተባህለ፡ ዝቕጽል ጥቕሲ ይምልሰልና እዩ። ከምዚ ይብል፡ "ኢየሱስ ክርስቶስ ትማልን ሎምን ንዘለዓለም ንሱ እዩ። በብዓይነቱ ብዝኾነ ጋሻ ትምህርቲ ኣይትስሓቱ። በቲ ነቶም ዝሰዓብዎ ሓንቲ ዘይጠቐሞም ናይ መብልዕ ስርዓት ዘይኮነስ ልብኹም ብጸጋ እንተ ጸነዐ ሠናይ እዩ። ዕብራውያን.13፡8-9። ስለ ዝብለና ካብዚ ኣብ ዓለም እንርእዮ ዘሎና ንኽንድሕን፡ (ንኽንላቐቕ)፡-

- ❖ ትምህርቶም ክንዝክርን ክነስተንትን የድሊ፡
- ❖ ሕይወቶም (ናብራኦም) ኣብነት ጌርና ክንክተል ይግባእ፡
- ❖ እምነቶም፡ ምስ ኣምላኽ ንኽነብር ኣብ እምነት ክንጸንዕ ኣዝዩ ኣገዳስን እዋኑን እዩ፡

3) <u>ሠናይ እናገበርና ግርማን ክብርን ዘይሙማትን ንምቕባል ብትዕግስቲ ክንጽበ ይግበኣና።</u> "ነቶም ሠናይ እናገበሩ፡ ግርማን ክብርን ዘይሙማትን ብትዕግስቲ ዝምነዩ፡ ናይ ዘለዓለም ሕይወት ክህቦም እዩ። ክቡራት ኣሕዋትን ኣሓትን እዚ ትዕግስቲዚ ዘድልየና ቀንዲ ምኽንያት፡ <u>ትንሣኤ ድሕሪ ዓርቢ ስቅለት ስለ ዝኾነት</u> እዩ። ንሕና ውን ናብቲ መዳርግቲ ዘይርከቦ ግርማን ክብርን ዳግማይ ሕይወት ዘልብስ ትንሳኤ ንኽንበቅዕ፡-

- ❖ *መከራን ሽግርን ፡ ጥሜትን ዕርቃንን ምስ ዝገጥመና ብትዕግስቲ።*
- ❖ *መዓንቀፍን ፈተናን፡ ተስፋ ምቝራጽን ዓቕሊ ምጽባብን ውን ብትዕግስቲ።*
- ❖ *ስምዒት ስጋን ምድላይ ዘይናትካን (ስስዕቲ) ምስ ዝመጸና ከኣ ብትዕስቲ ምስ ሓለፍናዮ፡ ናብዛ ክብርቲ መዓልቲ ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ክንበጽሕ ንኽእል።*

ነዚ ንምርኣይን ተኻፊልቲ ትንሳኤ ሕይወት ንምዃንን ከኣ፡ "ጸጋ ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስን ፍቕሪ ኣምላኽን ሕብረት መንፈስ ቅዱስን ምስ ኵላትኩም (ኵላትና) ይኹን። 2ይ ቆሮ.13፡13። ኣሜን።

ሓውኹም ቀሲስ ግርማይ ክፍሉ

<u>ሩዋንዳ።</u>